ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ

Council of Catholic Hierarchs - Eritrea


Date: ኣሥመራ፡ 5 ጥሪ፡ 2020 ዓ.ም.ፈ.
፳፯ ታኅሣሥ ፳፻፲፪

Ref. No.

ብፁዐን ጳጳሳት፡ ክቡራን ቀሞሳት፣ ኣሕሉቕ ገዳማት፣ ምስ መላእ ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

*"ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን" (2ተሰ 1:2)።*

ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ፣ ድሮ ኣብታ ብዕለት 22 ኅዳር 2016 ዝተዘርግሐት **"ምሕረትን ውርደትን"** ዝኣርእስታ ዓዋዲት መልእኽቶም፣ *"ነፍስ ወከፍ ማኅበር ክርስትና፥ ሓንቲ ሰንበት መሪጻ ቅዱስ መጽሓፍ ሕልፈ ዝፍለጡን ዚ ዝርግሓሉን መደብን ኣገባብን ክትሰርዕ እንክላ ክንደይ ረብሓ ምተረኽቦ። እዛ ሰንበት እዚኣ ንቃል-ኣምላኽ ዝተወፈየት ኮይና ነቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሕዝቡን፣ ኣብ ዚ ግበር ርኽብ ዘሎ ዘይውዳእ ሀብተ በረኸት ንምርዳእ እተኽእል ምኾነት" (ምሕረትን ውርደትን ቍ 7)* ብምባል ትምኒቶም ገሊጾም ከምዝነበሩ ዝዝከር ኮይኑ፣ ሕጂ ድማ በታ ብዕለት 30 መስከረም 2019፣ ኣብ ወንጌል ሉቃስ፣ *"ሽው ነተን ጽሑፋት ክስተውዕሉወን ኣምሮኦም ከፈተሎም* (ሉቃ 24:45) ካብ ዝብል መበገሲ ጠቕሲ ነቒሎም፣ Aperuit illis፣ *ኣእምሮኦም ከፈተሎም፣* ዝኣርእስታ ሰነድ ብምጽሓፍ እቲ ትምኒቶም ብወግዒ ኣብ መላእ ቤተክርስትያን ክትግበር ኣዊጆም ኣለው።

በዚ ምኽንያት፡ ዋና ኣካያዲ እታ ንምስራቓውያት ኣብያተ ክርስትያን እትሓሊ ቤት ጽሕፈት ቅድስቲ መንበር፣ብፁዕ ካርዲናል ለኦናርዶ ሳንድሪን፣ ፕረሲደንት እታ ንስራሕ ሓዲስ ስብከተ ወንጌል እተተሓባብር ቤት ምኽሪ፣ ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ሪኖ ፊዚከላን ኃቢሮም፣ ብዕለት 22 ኅዳር 2019 ናብ ኩለን ምሥራቓውያት ኣብያተክርስትያን ብዝጸሓፉልና መልእኽቲ መሠረት፣ ከምቲ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ዝበሉዎ፣ ካብ ሎምዘመን ጀሚርና፡ ዓመት መጽኡ፡ እታ ኣብ መንጎ ዕለት 21- 27 ጥሪ እትውዕል ሰንበት፡ <u>ሰንበት ቃል እግዚኣብሔር፣ ወይ፣ ሰንበት ዘቃለ እግዚኣብሔር፣</u> ክትኮነልና፡ እሞ ዘድሊ ምድላዋት ገቢርና ብዝግባእ ከነኽብራ ተማሕጺኖምና ኣለው። ሰነድ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ብምጥቃስ እዞም ሰበ ሥልጣን ቅድስቲ መንበር፥ *"እዛ ሰንበት እዚኣ ምስቲ ጸሎት ምእንቲ ኅብረት ክርስትያንን ወይ ርክብ ምስ ዕብራውያንን ዝገበረሉ መዓልታት ምቅርራብ ኣጋጣሚ ኣይኮነን። ሰንበት ዘቃለ እግዚኣብሔር ምኽባር ማለት፣ ንቃል ኣምላኽ ጽን እናበልካ ናብቲ ሓቀይናን ጽኑዕን ሓድነት ምጉዓዝ ማለት እውን እዩ "*(ኣእምሮኦም ከፈተሎም ቍ 3) ብምባል፣ ምእንቲ ኅብረት ክርስትያንን፣ ጽቡቕ ርክብ ምስ ዕባራውያንን እውን፣ ቀጻሊ ክንጽሊ ከምዝግብኣና የዘኻኽሩና። ብጎርጎርዮሳዊ መርኃ ዕለት ከኣ፡ 25 ጥሪ፣ እቲ ኣሳዳዲ ሳውል ብተኣምር ናብ ዓብይ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝተለወጠላ መዓልቲ እያ።

ሎምዘመን፣<u>ሰንበት ቃል እግዚኣብሔር</u> ዕለት 26 ጥሪ 2020 ዓ.ም.ፈ. (፲፯ ጥሪ ፳፻፲፪ ዓ.ግ.) ከም እትውዕል ብወግዒ ከነፍልጠኩም ከሎና እምበኣር፣ ብሰበኻታትን ቍምስናታትን ገዳማትን ዘድሊ ምቅርራብ ገቢርና ብዓብይ ክብሪ ከነኽብራ፣ ነቲ ሕይወት ዝሀብ ቃል እግዚኣብሐር፣ *ንክንጽልዮ፣ ክንሰምዖ፣ ከነንብቦ፡ ክንፈልጦ፡ ከነፍቅሮ፣ ክነበሥሮ፣* ዘድሊ ሚላን ኣገባብን ክንረክብ ንጽዓር። ንኣብነት ንዓመታ፣ እታ ዕለት፡ 24 ጥሪ፡ እያ እትውዕል። ነፍስ ወከፍ ዓመት ኣብ መንጎ ዕለት 21ን 27ን ጥሪ ከምእትውዕል ፈሊጥና ኣቐዲምና ክነለልያ የድሊ። ብሥርዓት ላቲን ኣብ ሣልሳይ ሰንበት ናይ ተራ ጊዜ ወይ ዘመን እያ እትውዕል።

ንቃል ጐይታ ዝግባእ ክብሪ ሂብና ንሕይወትና ክንመርሕ መንፈስ ቅዱስ ኣእምሮና ይኽፈተልና። ኣደና ማርያም ድማ ኣሰራ ተኸቲልና፣ ሰማዕትን፡ ኣመንትን፡ ተኣዘዝትን፡ ኣመስገንትን፡ እንኾነሉ ጸጋታት ተማልደልና።ብሩኽ ምጅማር ይግበረልና። ፍርያም መጀመርያ <u>ሰንበት ቃል እግዚኣብሔር</u> ትኹነልና። ኣሜን።

ምስ ብዙኅ ሰላምታ

+ [signature]
ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳሳት ዘበኤርትራ

ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ
Metropolitan Catholic Church - Sui iuris
Council of Catholic Hierarchs, Eritrea